# ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ማሕበር ኤርትራውያን ተመሃሮ ኣብ ካይሮ ተኸፊቱ

ክሳብ ክልተ ለካቲት ዝጽንበል ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ማሕበር ኤርትራውያ ተመሃሮ ካይሮ፣ ሎሚ 25 ጥሪ ብኣንባሳደር ማሕሙድ ጭሩም ተኸፊቱ። ኣብ'ቲ መኽፈቲ፣ ኣምባሳደራት፣ ንኤርትራውያን ተመሃሮን ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ዝሓገዙ ውልቀሰባትን ትካላትን ተረኺቦም። ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ስብሪት ድማ ነቲ ጽብምብል ተማዕርጎ ኣላ።

እዚ መበል ሓምሳ ዓመቱ ዘኽብር ዘሎ ማሕበር ኤርትራውያን ተመሃሮ ኣብ ካይሮ፣ ካብ ግዜ ምምስራቱ ኣትሒዙ ኤርትራውያን ኣብ ምሕጋዝ፣ ኣረሜናዊ ተግባራት መግዛእቲ ኣብ ምቕላዕ፣ ከምኡ'ውን ንኤርትራ ምስ ዓለም ኣብ ምልላይ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ።

ብዕለት 26 ጥሪ 2002 ብማእከል ምርምርን መጽናዕትን ኣፍሪቃ ዝተወደበ፣ ኣብ ዝምድናታት ኤርትራን ግብጽን ዝዝቲ ሰሚናር፣ ብወገን ኤርትራ ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ፣ ብወገን ግብጺ ከኣ ዶ/ር ሕልሚ ሻዕራዊ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ከቕርቡ ኢዮም።

ኣብ ርእሲ'ዚ ብ28 ጥሪ ኣብ መንጎ ዶ/ር ደሕልን ብጉዳይ ኣፍሪቃ ዝግደሱ ምሁራትን ተመራመርትን ናይ ሌላን ሓሳባት ምልውዋጥን ዘተ ክካየድ ኢዩ። ኣብዚ ዕለት'ዚ ከኣ ጉጅለ ባህሊ ስብሪት ኣብ ኣዳራሽ ኣልሃናግር ምስ ባህሊ ኤርትራ ዘላሊ ምርኢት ንተዓዘብቲ ከተቕርብ ኢያ።

ብ29 ጥሪ ድማ ብሓርበኛ ኣቦና ሮሞዳን መሓመድ ኑር፣ ንኤርትራውያን ተቐማጦ ግብጺ ኣኼባ ኪገብር ምዃኑ ካብቲ ቦታ ዝመጽአ ሓበሬታ የረጋግጽ።